# ሰንበት ዘቅድስት ዘጾም ፬ 2011 ዓ.ም.

## መጋቢት 1- 2011 ዓ.ም. (3/10/2019)

As Christians, we bear the light of Christ to the whole world in our every action. Even when he seems far from us, when we feel most alone, his Spirit is nearby to support and strengthen us in this task.

መዝሙር፡ ግነዩ ለእግዚአብሔር ወጸውዑ ስሞ. . . . ።

ንባባት፡

ሮሜ 10፡8-13፣ ያዕ 1፡13-22፣ ግ.ሓ.10፡7-30፣ ሉቃ 4፡1-13

ስብከት፡

"እግዚአብሔርሰ ሰማያት ገብረ፣ አሚን ወሰናይት ቅድሜሁ። ቅድሳት ወዕበየ ስብሓት ውስተ መቅደሱ" "እግዚአብሔር ግና ሰማያት ገብረ፣ ግርማን ክብርን ይኸቦ፣ መቐደሱ ኸአ ብኃይልን ጽባቐን ምሉእ እዩ" መዝ። 96፡5።

መዝሙር፡ ንእግዚአብሔር አገልግልዎ ስሙ ጸውዑ ተግባራቱ ነሕዛብ ንገርዎም ንስሙ ክብሪ ሃቡ። ንጽድቂ ተገዝኡ መዝገብኩም ነቐዝ አብ ዘየንቅዞ ሠራቒ አብ ዘይረኽቦ አብ ሰማይ ዕቘርዎ፣ ስንድዋት ኩኑ አብቲ ክርስቶስ ዘለዎ ንበሩ፣ ናይ ላዕሊ ሕሰቡ አብኡ መዝገብ ተዓቊርልና አሎ እሞ ንብጻይና ነፍቅር ርእስና ነትሕት ሰንበት ነኽብር".

መዝሙር ሕይወትና ምስ አምላኽን ሰብን ክህልዎን ክሕዞን ዝግብኦ መገዲ የዘኻኽረና። ጉዳይ ሰማይ ተነቃፊ ብቐሊል ዘይመልክዑ ክነልብሶ ስለ እንኽእል ዓቢ ምስትውዓል ከም ዘድልየና የዘኻኽረና። ንአምላኽ ክነገልግል፣ ሰበኽቲ ወንጌል ክንከውን፣ አብ ሕይወትና ቅድስና ለቢስና ክነብር፣ ካብ ኩሉ ዝጓነፈና ፈተና በርቲዕና እምነትና ክነጽንዕ፣ ኩሉ ጊዜ ዕጡቓትን ስንድዋትን ኮና ሕይወትና ክንመርሕ፣ መወዳእታና ምስ አምላኽ ምንባር ምዃና ክነስተውዕል፣ ንብጻይና ከም ርእስና እናፍቀርና ክነብር፣ ብዕለተ ሰንበት አብ መአዲ ክርስቶስ ተሳተፍቲ ክንከውን ከም ዘሎና ዘዘኻክር ፍሉይ መዝሙር ኢና ዘሚርና።

አብ ጊዜ ጾም ፬ ፍሉይ ጸሎት አስተንትኖ ተጋድሎ ክንገብር ቤተ ክርስትያን ተዘኻኽረና። ጾም ፬ "ቅድስት" እውን ይብሃል እዩ። እንጅምሮ ዘሎና እዋን ናይ ንስሓን ዕርቅን ሕድገት ኃጢአትን እዩ፣ አብ አምላኽ ተመሊስና ፍቕሩን ጸግኡን ክነስተማቕር አብ መንጎና ንዘሎ ጸገም ምእንቲ አምላኽ ኢልና ክንሓድግ ከምኡ መገዲ አምላኽ ክንሕዝ ዝሕግዘና ቅዱስ እዋን እዩ። ጾምና ፍረ ክህልዎ ናይ ብሓቂ አብ ናይ ብሕታዊ ሕይወትና አቲና ነቲ ካብ አምላኽን ጸግኡን ፈልዩና ዘሎ አለሊና አብ ጻህያይ ኃጢአትና ክንአቱ እሞ ጸጸት ኃጢአትና ገርና እሙናት ደቂ ክርስቶስ ክንከውን ዝዕድምና ፍሉይ ናይ ጸጋን ምሕረትን ጊዜ እዩ እሞ ክንዕወት ንጽዋዕ አሎና።

አብዚ ሰንበት ዘቅድስት ቤተ ክርስትያን አብ ሕጊ ክርስቶስ ክነስተንትን ትደልየና። አብ ጽምዋ ልብና አቲና እንመርሖ ዘሎና ሕይወት ክንርኢ እሞ አብ ክርስቶስ ክንምለስ፣ ምስኡ አዛሚድና አብ ምሕላው ሕጊ ቤተ ክርስትያን እንገብሮ ጻዕሪ ክንግምግም ዝዕድም እዋን እዩ። ሕጊ ክርስቶስ መለኮታዊ ሕጊ እዩ፣ ንባህርያዊ ሕጊ ዝጻረር አይ ኮነንን፣ ነቶም ብምሉእ ዝቕበልዎን ብእኡ ሕይወቶም ዝመርሑ ልቦና ዝመልእን ሕይወት ዝህብ እዩ። ካብቲ አምላክ አባና ዘልኦ ፍቕሪ ዝምንጩ ኸአ እዩ፣ ስለዚ ንእኡ ምእዛዝ መሰረታዊ ምርጫ ንሕወትና ንሓጎስን እዩ። ሰብ ንሕጊ ክርስቶስ ከም መምዘኒ

ሕይወቱ ገሩ እንተ ነበረ ሓንቲ ጸገም አይጓነፎን እዩ፣ ገለ ፈተና እንተ ገጠሞ እውን ከሸንፎ ይኽእል እዩ። ጸገም ዝስዕረና ንሕጊ አምላኽ ሓዲግና ባዕልና አብ ዘውጻእናዮ ሕጊ ጥራሕ ክንምራሕ ከሎና እዩ። ዓለምና ሎሚ ሰብ ብዝሰርሖ ሕጊ ጥራሕ ትምራሕ ስለ ዘላ ሳዕበናቱን ውጽኢቱን እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። ሃብታማትን ሓያላትን፣ መለኽትን ገዛእትን ጥራሕ ዝደልይዎ ሕጋ ገራ ትሕመስ አላ። መለከዒ ሓቂ አብ ክንዲ እቲ አምላኽ ዝሃበና ዝኾውን አብ ድላይ መራሕትን ገዛእትን ኮይኑ ነቲ አምላኽ ዝሃበና ሕጊ ሰባት ብዝደልይዎ ክትካእን ክጥምዘዝን ንርእዮ አሎና። ሓደ ካብዚ ግብሪ ሰዶምን ጎመራን እዩ። አብ ግዚኡ ንዝነበሩ ዘጥፍአ ኃጢአት ሎሚ እውን ይድገም ንርኢ አሎና፣ የቐልለልና ዘብል እዩ። ጊዜ ጾም ነዚ ክንሳሓሉን ክንጽጸተሉ ዘሎና ከቢድ ናይ እዋና ጸገም እዩ። አምላኽ ሰብአይ ምስ ሰበይቲ ሓደ ክኾኑ እምበር ካልእ አይፈጠረን እዚ ንሕጊ አምላኽ ዓው ኢልካ ምፍራስ ስለ ዝኾነ አብ ዓለም ከቢድ ጸገም ኮይኑ ንርእዮ አሎና፣ ብሓቂ ክንጽሊ ይግብአና።

ቅዱስ ጉዕዞ ጾም ተተሓሒዝናዮ አሎና፣ ቅዱስ ዘብሎ ናይ ቅድስና ናይ ጸሎትን ንስሓን ጊዜ እሞ መላእ ቤተ ክርስትያን ብሓንሳብ እትጉዓዘሉ ሓቢራ እትጽልየሉ እትጾሞሉን ናይ ምሕረት ስራሕ ዝግበረሉ ጊዜ ስለ ዝኾነ እዩ።

አብ ዘዳግም 30:11-ፍ እንተ አንበብና ሙሴ ንህዝበ እስራኤል ቅድሚ ንሩባ ዮርዳኖስ ምስጋሮም፣ አብ ምድረ ተስፋ ቅድሚ ምእታዎም ንሱ ቅድሚ ምማቱ ዓቢ ለበዋ ከም ዘስምዖም ነንብብ። “ሎሚ ሕይወትን በረኸትን ሞትን ጥፍአትን አብ ቅድመኹም አንብረልኩም አሎኹ. . ንእግዚአብሔር አምላኽኩም ክተፍቅርዎ ብመገዲ ኸአ ኽትከዱ ትእዛዛቱን ሕግጋቱን ፍርድታቱን ድማ ኽትሕልዉ አነ እእዝዘኩም አሎኹ”። እዘን ቃላት እስራኤላውያን ዓቢ ውሳኔ ክገብሩ ንሓዲስ ቦትኦም ብሓዲስ ውዕሊ ምስ አምላኽ ክአትውዎ ተሓቲቶም። ነዚ ምስ እዚ እንጅምሮ ዘሎና ጾም ፵ ክንመሳስሎ ንኽእል። ጾም ጀሚርና አሎና አምላኽ ሎሚ እውን ብቤተ ክርስትያኑ ገሩ ቃሉ ክንሕሉ፣ አብ መዓልታዊ ሕይወትና ንአምላኽ ሰሚዕና ክንክእል፣ ሰናይ ግብሪ ክንገብር ይሓተና አሎ።

ካብ ነፍሲ ወከፍና ቀኑዕ መልሲ ይሓትት አሎ፣ “ሕይወትን ሞትን በረኸትን መርገምን አብ ቅድመኹም አንቢረልኩም ከም ዘሎኹ ሎሚ ሰማይን ምድርን ምስክረይ እዮም፣ እምብአርሲ ንስኻትኩምን ዘርእኹምን ብሕይወት ምእንቲ ኽትነብሩ ሕይወት ሕረዩ” ይብለና አሎ። ጾም አብ አምላኽ ክንምለስ መገዲ ዝጸረገልና ድኽመትና ርኢና ኃጢአትና ክንሳሕ ዝሕግዝ ቅዱስ ጊዜ እዩ። ውዓል ሕደር ዘድልዮ አይኮነን ንአምላኽ ክንሰምዕን ክንእዘዝን ጥራሕ እዩ ዘሎና።

ሙሴ ንህዝበ እግዚአብሔር ነቲ ኹሉ አምላኽ ዝገበረሎም ክርእዩ አትሪሩ ነጊርዎም። አምላኽ ሕይወቶም ቀይሮሎም ካብ ባርነት ነጻ አውጺእዎም፣ ጸባን ምዓርን እትህብ መሬት አውሪስዎም። ነዚ እንተ ዘከሩ ንአምላኾም እሙናት ከምዝኾኑ ነጊርዎም። ሰብ ዝዓሉ ነቲ ሰናይ ግብሪ አምላኽ ምስ ረስዐ እዩ። እሞ ሎሚ አብ ሕይወትና ዝሓለፈን ዘሎን ንርአ ነቲ አምላኽ ዝገበረልና ሰናይ ነገር ርኢና ንኽእል እሞ ሸዑ ጉዕዞ ጾምና ፍሉይ መቐረትን ትርጉምን ክህልዎ እዩ።

ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ነገር አብ ታሪኽ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ነጻ ምውጻ እዩ፣ እንተ ኾነ አብቲ ጉዕዞ እንተ ረአና እቲ አብ ጉዕዞ በረኻ ዝተጓነፎም ፈተናታት አብቲ ፈቃር አምላኾም እምነት ከም ዘጉድሉ ከም ዝገበሮም ንርኢ። ብአንጻሩ ወላ እኳ ንሶም ይዕለዉ አምላኽ ግን ስሙ አብ ዝጸውዑሉ ጊዜ ንዝገበርዎ ሓዲጉ ኩሉ ጊዜ ይሰምዖም ነሩ። ሎሚ እውን ንአይን ንአኻኩምን አብዛ ፈተና ጸበባ ዝመልአ ዓለምና ንኹሉ ብጸጋ

ኣምላኽ ሰጊርና ኣብ ሰላምን ፍቕርን ሕድገትን ዝመልኦ ክንኣቱ ብምሉእ እምነት ጾምና ንቐጽል፡፡

ጾምና ምስቲ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ በረኻ ንኣርብዓ መዓልትን ለይትን ዝጾሞ ዝመሳሰል እዩ፡፡ ንኢየሱስ ነቲ ዝመጽእ ዝነበረ ኣገልግሎቱ ተልእኮኡ ምስንዳው እዩ ነሩ፡፡ ማቴዎስን ሉቃስን ከም ዝሕብሩና ድሕሪ ኣርብዓ መዓልቲ ጾም ድያብሎስ ሰለስተ ፈተና ከም ዘቕረበሉ ይነግሩና፡፡ ኣብዚ ክንርድኦ ዘሎና እዚ ፍጻሜ ቃል ንቓሉ ታሪኻዊ ኣቀራርባ ዝለበሰ ኮይኑ ክርእየና የብሉን ማለት ከምዚ ሰይጣን ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ደው ኢሉ ብቪድዮ ዝቐዳሕ ኣብ ተለቭዥን ዝርአ ገርና ክንወስዶ የብልናን፡፡ ሰይጣን ብዙሕ ጊዜ ከምዚ ዓይነት ዘተ ምስ ሰባት ኣየካይድን እዩ፡፡ ሰይጣን ፈተና እዩ ዘቐርበልና፡፡ ነዞም ናይ ኢየሱስ ሰለስተ ፈተናታት ከም ሓደ ድሕሪ ሓደ ኣብ ሓደ እዋን ዝተፈጸሙ ዘይኮነስ ኣብ ምሉእ ጊዜ ተልእኮኡ ከም ፈተና ኮይኖም ዝቐረቡ ገርና እንተ ረአናዮም ዝሓሸ እዩ፡፡ እዞም ሰለስተ ፈተናታት ሓደ ጊዜ ቀሪቦም ዝሓለፉ ኣይኮኑን ደጋጊሞም ዝተመልሱ እዮም፡፡ ኣብ ወንጌል ነዚ ኣብነታት ክኾኑና ዝኽእል ክንርኢ ንኽእል፡፡ ፈሪሳውያን ንሱ ካብ ኣምልኽ ከምዝኾነ ከረጋግጹ እስከ ተኣምራት ክገብር እናበሉ ሓቲቶሞ (ማርቆስ 8፡11)፡፡ “ኣታ ንቤተ መቕደስ ኣፍሪስካ ብሠለስተ መዓልቲ እትሓንጽ እስከ ንርእስኻ ኣድሳን ወዲ ኣምላኽ እንተ ድኣ ኢኻ እስከ ካብ መስቀል ውረድ እናበሉ ይጸርፍዎ ነሮም” (ማቴ 27፡40)፡፡ ነቶም 5000 ዝጠመዩ ህዝቢ ማእለያ ብዘይብሉ መግቢ ምስ መገቦም እቶም ህዝቢ “እዚ ብሓቂ እቲ ናብ ዓለም ኪመጽእ ዘለዎ ነብይ እዩ በሉ፣ ኢየሱስ ድማ ብኃይሊ ኂዞም ኬንግስዎ ይመጹ ኸም ዘለዉ ፈሊጡ ከም ብሓዲሽ በይኑ ናብ እምባ ኣልገሰ” (ዮሓ 6፡14-15)፡፡ ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲና ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና እንተ ረኤና ከምቲ ናይ ኢየሱስ ዝተፈላለየ ካብ ኣምላኽ ዘርሕቑ ፈተናታት ክመጽኡና ይኽእሉ እዮም፡፡

## እቲ ዝቐረበ ፈተናታት ከምዚ እዩ ነሩ፡

እታ ቀዳመይቲ ፈተና **“ነእማን ኣብ እንጌራ ምልዋጥ”** ሳልሰይቲ ምስአ እትኸይድ **“ካብ ዝባን ቤተ መቕደስ ዝለል”** እየን ነረን፡፡ ክልተአን ንኢየሱስ ካብቲ ተልእኮኡ ከውጽኦ እሞ ኣብ ርእሱ ጥራሕ ዘተኮረ ከም ሓደ ውሩይ ምርኢት ዝገብር ኮይኑ ክቐረብ እዩ ኣቕሪብሉ፡፡ እዚ ማለት **“ንአይ ስዓበኒ ኣነ ዝዓበኹ እየ”** እናበለ እዩ ፈቲንዎ፡፡ ካልአይቲ ፈተና **“ንሰይጣን ከምልኾ እሞ ንሱ ሓይልን ሃብትን”** ክህቦ፡፡ እዚ እውን ንኢየሱስ ኣጠፋፊኡ ካብቲ ሓቀኛ መገዲ ናይ ኩሎም ደቅሰብ ዝኾነ ካብ ፍቕርን ኣገልግሎት ኣምላኽን ካብ ተፈጥርኡን ከውጽኦ ዘቕረቦ እዩ፡፡ ካብቲ መንግስቲ ፍቕርን ኣገልግሎትን ኣውጺኡ ኣብ መንግስቲ መላኽን ንርእሱ ልዕሊ ኹሉ ገሩ ዝመርሕ ክመልሶ እዩ ደልዩ፡፡

ቅዱስ ሉቃስ ን፪ን ፫ን ፈተነታት ምስቲ ኣብ ማቴዎስ ዘሎ እንተ ረኤናዮ ይገላብጦ እዚ ኸአ ንኢየሩሳሌም ከምቲ ናይ መወዳእታ ተልእኮኡ ኣብአ ዝተፈጸም ከምኡ ናይ እቲ ፈተና ቀንዲ ማእከል ከም ዝኾነት ክገልጽን ቤተ ክርስትያን ኣብአ ከም ዝጀመረት ክገልጽ ኢሉ እዩ፡፡

እዚ ኣብ በረኻ ኣርብዓ መዓልቲ ሓንቲ ከይበልዐ ምጽንሑ ነቲ ሙሴ ኣብ ደብረ ሲና ዝገበሮ የዘኻኽረና፡፡ ሙሴ ድሕሪ ኣርብዓ መዓልቲ ንመልእኽቲ እግዚኣብሔር ኣብ ሕጊ ኣስፊሩ ኣዊጁ ከምኡ ኢየሱስ እውን ድሕሪ ፈተንኡ ኣብ ቤተ መቕደስ ናዝሬት ተመሊሱ ናይ ተልእኮኡ ዓላማን እንታይነትን ገሊጹ (ሉቃ 4፡16-21)፡፡ ኣብቲ ኢየሱስ ነቲ ፈታኒ ዝሃቦ መልሲ እንተ ረኤና ኩሉ ኣብ ዘዳግም እንረኽቦም እዮም፡፡ እቲ ፈተነታት ዝቐረቦ ኩሉ

ንእስራኤላውያን ኣብ ጕዕዞ በረኻ እንከለዉ ብተደጋጋሚ ዘውድቖም ዝነበረ እዩ። እቲ ፍልልይ እስራኤላውያን ወዲቖም ኢየሱስ ግን በቲ ዝቐረቦ ፈተና ኣይወደቐን።

- እስራኤላውያን እኹል መግቢ ብዘይምንባሩ ኣጕረምሪሞም፧ ኢየሱስ ግን “ሰብ ብኹሉ ቃል ኣምላኽ እምበር ብእንጌራ ጥራሕ ኣይነብርን እዩ” እናበለ ተዛሪቡ።
- እስራኤላውያን ብዙሕ ጊዜ ኣብ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣሚኖም እዮም፧ ኢየሱስ ግን ነቲ ሓደ ኣምላኽ ጥራሕ ይኣምን። “ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ስገድ ንኣኡ በይኑ ድማ ኣምልኽ”።
- እስራኤል ኣብ ማሳሕን ኣብ መሪባን ንእግዚኣብሔር ማይ ክህቦም ፈቲኖሞ፧ ኢየሲስ ግን ንእግዚኣብሔር ካብ ምፍታን ኣብዩ “ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኣይትፈታተኖ” እናበለ ኣብ ኣምላኹ ኣሚኑ።

ኣብ ኩሉ ኢየሱስ ዘርእዮ ንሱ ኣብ ኩሉ እሙን ከም ዝኾነ ኣብ ኣምላኽ ብእምነት ከም ዝጕዓዝን እሞ በዚ ተግባሩ ንሱ እቲ መስሕ ምዃኑ ኣመስኪሩ። እዞም ፈተናታት ናይ ብሓቂ ትርጕም ዘልኦም እዮም ምኽንያቱ እቲ መስሕ ካብ ሰማይ ሳብስቲ ከውርድ እዩ በዚ ኸኣ ነቶም ዘይኣምኑ ከእምኖም እዩ።

## ዝበርትዐ ፈተና፧

ብዙሕ ጊዜ ብዛዕባ ፈተና ክንሓስብ እንከሎና ብዛዕባ ስምዒት ፍትወት ሥጋ፧ ሓሶት ምዝራብ፧ ምቁጣዕ፧ ምሕማይ. . . . . ዝኣመሰሉ ኢና እንሓስብ። እቲ ድንገታውን ዝበርትዐን ፈተናን ግን ሃብቲ ዓለም ምድላይ ብርእሱ እዩ። እዚ ማለት ኩሉ ልብኻ ቀልብኻ ኣብ ገንዘብን ሃብትን ገርካ ንኹሉ ብኣኡ መልክዕ ምርኣይ፧ ክብሪ ምድላይ ኩሉ ኣባኻ ከትኩር ምድላይ፧ ስልጣን ምርካብ እሞ ብኣኡ ንሰባትን ነገራትን ኣብ ጥቅምኻ ምውዓል። ነገራት ምስ ሃብቲ ፧ ስልጣንን ክብርን ዝኸዱ ምድላይ።

እዚ ነገራት ድንገታዊ እዩ ምኽንያቱ ንሰባትን ንንዋትን ክብሮምን ጥቕሞምን ኣውሪድካ ኣብ ናይ ግሊ ጥቕምኻ ጥራሕ ክተውዕል ስለ ዝገብሩኻ ዓቢ ፈተና እዩ። ከምኡ ንሰባት ኣብ ውድድርን ጥቕሚ ርእስን ክወርዱ ስለ ገብሮም ኣብ ዓቢ ድንገት ህርፋንን ስሳዔን ንእይ ይጥዓመኒ የውርዶም። ኣብ ከምዚ ዝነገሶ ዓለም መላኽን ተመላኽን ድኻን ሃብታምን ኢሉ ንሰብ ይመቓቐሎ። ሳዕቤኑ ሃብቲ ኣብ ውሑዳት ሰባት ወሪዱ ዝበዝሐ ኣብ ድኽነትን ስእነትን ይወርድ። እዞም ኣብ ሃብትን ንብረትን ጥራሕ ዝጓየዩ ሰባት ካልእ ድንገት የምጽኡ ናቶም ስርዓት መስሪቶም ሕብረተ ሰብ በቲ ንሶም ዝሰርዕዎ ከምዝነብር ይገብሩ። እዞም ሰባት እዚኦም “እለከርሶሙ ኣምላኾሙ” ይብሃሉ።

## ኢየሱስ ዝመስረቶ መንግስቲ ፍሉይ እዩ።

እቲ ኢየሱስ ኣብዚ ዓለም ክምስርቶ ዝመጸ መንግስቲ ፍሉይ ርኢቶን መገድን ዝሓዘ እዩ። እቲ ኢየሱስ ዘምጽኦ ሕግን መምርሒ ሕይወትን ኣብዚ እዋን ጾም ብፍሉይ ክነስተንትኖም ግቡእ እዩ። ብዙሓት ክርስትያን ድሕሪ ሃብቲ፧ ስልጣን፧ ክብሪ፧ ከም ካልኦት ክጓየዩ ይርእዩ እዮም። እዚ ግን ናይ ሓደ ክርስትያን መንፈስ ኣይኮነን እኳ ድኣ ጸረ ክርስትና እዩ። ናይ ኢየሱስ መገዲ ኣይኮነን፧ ናይ እቲ ንሱ ዝመስረቶ መንግስቲ ዝኾዶ መንገዲ ኣይኮኑን፧ ናይ ሓደ ብሓቂ ምሉእ ሰብ ምሉእ ሓጎስ ዘምጽኡ ዝክተሎም ኣይኮኑን።

ንባባትና ዘዘኻኽሩና ክነስተንትን እሞ እንጉዓዘ ዘሎና ዓይነት መገድን እንነብሮ ዘሎና ሕይወት ዳግም ርኢና ክንከእል እሞ ነቲ ቀጻምነት ዝግብኦ ቀጻምነት ሂብና ቅዱስ ሕይወት ክንመርሕ።

ቅ. ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 10፡11~13 "ብኣኡ ዝኣምን ዘበለ ኣይኃፍርን እዩ፤ ኣብኡ ኣብ መንጎ ኣይሁዳውያንን ግሪኻውያንን ሌላን ጕለላን የልቦን፤ ንሱ ናይ ኩሉ ጎይታ እዩ ነቶም ዚጽውዕዎ ኲሎም ድማ ኣበርኪቱ ዚህብ እዩ፤ ከመይ ስም እግዚኣብሔር ዚጽውዕ ዘበለ ኹሉ ኺድሳን እዩ" እናበለ ናይ ሓደ ክርስትያን ዝጎዓዘ ሕይወትን መንነትን ይገልጸልና። ኣብ መንጎና ገለ ሰባት ኣብቲ እምላኽ ዝፈጠሮን ዝሃቦን ህያባት ንዋታውን ማሕበራውን መንፈሳውን ነገራት ንካልኦ ከየሳትፉ ዝዓግቱ ዓቢ ዕንቅፋት ዝኾኑ ስለ ዘለዉ ኩልና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓደ ምዃና ኣሚና ኣብ ሓባራዊ ድሕነት ክንወፍር ይግባኣና። ንሓውናን ሓፍትናን ኣፍደገ ሰማይ ከይንዓጽወሎም ምስውዓል የድልየና።

ዘይውዳእ ቃልሲ፡

ኣብ መወዳእታ ናይ ሎሚ ወንጌል "ሽዑ ዲያብሎስ ፈተናኡ ዘበለ ምስ ወድአ ንጊዜኡ ኃደጎ" ይብል። ኢየሱስ ምስ ድያብሎስ ዝነበሮ ውግእ ጌና ከም ዘይተወድኤ ንርኢ። ኣብ ሕይወቱ ደጋጊሙ ክቃለሶን ክፍትኖን ንርኢ ብፍላይ ኣብተን መወዳእታ ሰዓታት ኣብ ጌተሰማንን ኣብ ቀራንዮ ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ እንከሎን።

ልክዕ ንሕና እውን ናይ ሰይጣን ፈተናን ቃልስን ጭሪሹ ካብ ምውዳቑና ደው ኣይብልን እዩ። ንእይ ይጥዓመኒ፤ ስስዕቲ፤ ቁጥዓ፤ ጽልኢ፤ ቅንኢን ሓሰዳን፤ ልዕሊ ኹሉ ናይ ህርፋን ድለት ኣብ ክንዲ ክትህብ ክትወስድ ጥራሕ ምድላይ፤ ኣብ ክንዲ ምግልጋል ክትቆጻጸር ጎይታ ክትከውን ጥራሕ ምድላይ ዕለት ዕለት ዘጥቅዑና ፈተናታት እዮም። ንሕናን ደቅናን ከይተረድእና ኣብ ናይ ውድድር ዓለም ኣቲና ንነብር ኣሎና። ኣብ ሕይወትና ክንዕወት እንተ ኾና ሰማይ ጠቀስ ገዛውቲ ብምስራሕን ማእለያ ዘይብሉ ሃብቲ እንተ ኣከብና ኣይኮነን፤ ኣብ ሓቅን ፍትሕን ፍቕርን እሞ ኣብቲ ናይ ኢየሱስ መልእኽቲ ተመስሪትና ኣብ ሕይወትና ሓቅን ምሉእ እምነትን ኣብ ግብሪ ፍቕሪን ሓልዮትን ምስ ምሉእ ነጻነትን ሰላምን ዘልኦ ሕብረተሰብ እንተ ፈጠርና እዩ።

እዚ እዩ ናይ ጾም ትርጉም ዓመት ዓመት እንገብሮ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ከይተዓወትና ሓሊፉና እንተ ኾነ ሎሚ ንተዓወት። እዚ እዋን ናይ ተሓድሶን ፍቕርን ሕድገትን ገርና ሕይወትና ኣብ ክርስቶስ ንምለሳ። ባዕሉ ክርስቶስ ብጸግኡ የሰንየና ጕዕዞ ጾምና ናብ ቅድስናን ፍቕርን ዝመርሕ ይግበረልና። ቅዱስ ጾም ንኹልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ